## ብምኽንያት ወርቃዊ እዮቤልዩ
## ባሕቲ መስከረም ዝወጸ መግለጺ
## ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር(ኤደግ)

ባሕቲ መስከረም 1961 ኣብ መስርሕ ሰውራ ኤርትራ ብፍሉይ ካብ ዝስመያ ረዚን ትርጉምን ዓሚቕ ሃገራዊ ክብርታትን ካብ ዝተጎናጸፉ ታሪኻውያን በዓላትና እታ ሓንቲ'ያ። ንኣስታት 20 ዓመታት መመላእታ ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነቶም ዘካየድዎ መሪር ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ ዕጹው ማዕጾ ድሕሪ ምብጽሑ፡ መጻኢ ዕድሎም ንግዳማውያን ሓይልታት ረብሓ ገንሸል ኮይኑ፡ ግዳማዊ ውጥናቶም ንህላወን መንነትን ህዝብታት ኤርትራ ዝሓከኽ ቅሉዕ ሓደጋ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ዝተወሰደ ናይ መወዳእታ ምርጫ ብደሆ'ዩ። ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዝተጻዕነ ዓማጺ ብይን ንምዕጻፉ፡ ንነጻነታዊ ቃልሲ ህዝብታትና ናብ ሓድሽ መድረኽ ብረታዊ ተጋድሎ ምስግጋሩ ግድነታዊ ኩነት ምኺኑ ተጋህደ። ስለዚ እምበኣር ኣብ ጎቦታት ኣዳል ብመሪሕነት ጅግና ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ብጾቱን ቁልዒ-ሓዊ ሰውራ ብምውላዕ፡ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ከበስር ታሪኽ ዝሓጸየቶ ክስተት ኮነ። እዚ ፍጻመ'ዚ ከኣ ብልሒ-ኩናት ጽንዓትን መኸተን ኣብ ኤርትራዊ ዓውደ-ኣዋርሕ ብምኳን ኣብ ምዕራፋት ታሪኽን ዝኽርን ብፍሉይ ተሰኒዱ'ሎ።

እነሆ ሎሚ ንዝኽሪ'ታ ዕለት፡ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዩ ንምጽንባል፡ ሃገራዊ መኽሰባታ ንምዕቃብን ዝተቐበልናዮ ረዚን ሕድሪ መብጽዓ ንምፍጻምን ዓሊምና፡ ኣብ ፍሉይ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ ከነብዕላ ግድን ኮይኑ'ሎ። መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ባሕቲ መስከረም እነብዕለሉ ዘለና እዋን፡ ኣብ ፍሉይ ከባብያውን ሃገራውን ኩነታት ኮይና ንጽንብሎ ምህላውና ንኹሉ ርእሰ-ግሉጽ ሓቂ'ዩ።

ኣብ ከባብያዊ ኩነታት፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕን ሰሜን ኣፍሪቃን ዝተወለዐ ሓርነታዊ ህዝባዊ ናዕብታት፡ ንመስፍናውያን ምልካውን ስርዓታት ካብ ሱሮም እናማሓወ ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ዝተሰጋገረሉ እዋን'ዩ። ኣብ ሃገራዊ ጉዳይ'ውን፡ ኣብ ውሽጢ'ቲ ብባሕቲ መስከረም 1961 ዝጀመረ ሰውራ ኤርትራ ተወሊዱ ዝገበለ፣ ኣብ መስርሕ ንዝተኸስቱ ሕጽረታት ሰውራና ተበሊጹ፣ ንቕድሚት ዝተወጠጠ ጉጅለ ኢሳይያስ፡ ንመሰረታዊ ዕላማታት ሰውራናን ባህጊ ህዝብታትናን ኮሊፉ መዳርግቲ ባዕዳውያን ሓይልታት ዝኾነ ስርዓት ዶኾኑ፡ ብጸረ-ደሞክራስያዊ ዓፈናዊ ምሕደራ፡ ህዝብን ሃገርን ካብ ዝገዝእ 20 ዓመታት ደፊኑ'ሎ። እዚ ስርዓት'ዚ ንኹሉ ፖለቲካዊ፣ ማሕበረ-ቁጠባውን ባህላውን ሰረታት ህዝብና ገቢቱ፡ ንብዙሕነታዊ ኣካውንኡ ጨፍሊቑ፡ ንኣረሜናዊ ስርዓቱ ርዒሙ ዝምእዘዝ ህግደፋዊ ሕብረተ-ሰብ ንምቕራጽ ዝገብሮ ዘሎ ኣዕናዊ ተግባር፡ ህልውና ህዝብታትና ኣብ ከቢድ ሓደጋ ወዲቑ'ሎ። እዚ ኤርትራዊ ህልዊ ሓቂ'ምበኣር፡ ንሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጢ ከቢድ ሓላፍነታዊ ጾር ዘሰክም ኣብ ታሪኻዊ መድረኽ ኮይና ኢና፡ ዝኽረ-በዓል ባሕቲ መስከረም ንቕበል ዘሎና።

ስለዝኾነ ከኣ ብክንዲ'ቲ ንህላወና ዝብድህ ዘሎ ሓደጋ ብርሰትን ምብትታንን፡ መስርዕ ደሞክራስያዊ ለውጢ ብምስማር ግብራዊ ሓይሊ ተቓውሞ ንምርግጋጽ ዕቱብ ቃልሲ ከነካይድ ዝጠልበና ዘሎ እዋን ምኳኑ ዘይሰሓት ሓቂ'ዩ። ግንባርና፡ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ናይ'ዚ መስርዕ ሓይሊ ተቓውሞ ንምስማርን ግብራዊ ሓይሊ ለውጢ ንምርግጋጽን ዓሊሙ፡ ኣብ መንጎ 4 ኣባላት ውድባቱ ብነዊሕ መስርሕ ልዝብ እናተኾስኮሰ፡ ኣብ ሓባራዊ ዕግበት ዝተበጽሐ ድምር ኣወንታዊ ናይ ኣተሓሳስባን ግብርን ለውጢ ውጽኢት'ዩ። እዚ ታሪኻዊ ፍጻመ'ዚ፡ ኣብ ድሮ ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ዝተመዝገበ መኽሰብ ቃልሲ ብምኳኑ ድማ፡ ንዝኽሪ'ዚ ዕለት'ዚ ፍሉይ ድምቀት ሂቡዎ'ዩ።

ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር፡ ብመንገዲ መስራቲ ጉባኤኡ ካብ ዝዓተሮም ዓበይቲ ብልጫታት ኣብ ሓይልታት ተቓውሞ ብሓፈሻ ኣብ ውሽጢ ኣባል ውድባቱ ከኣ ብፍላይ፡ ዝነበርዎ ዓበይቲ ናይ ኣረኣእያን ተግባርን ሕጽረታት ብደቂቑ ድሕሪ ምምዛን፡ ካብ ዝጸንሖ ድሑራት ፖለቲካዊ ውርሻታት ንምንጋፍ እውጅ ነብሰ-ነቐፌታ ብምግባር ንመድረኻዊ ዕማም ዓቲቡ ክሰርሕ ምውሳኑ ኣገዳሲ ስጉምቲ'ዩ። ካብኡ ዘሊሉ'ውን ንኤርትራዊ ፖለቲካዊ ንባብ ብዘይምሽርራፍ፡ ብምልኣት ተቐቢሉ፡ ብቑዕ ስተራተጂ ቃልሲ ብምሕንጻጽ ንኩሎም ክፍልታት

ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ክሓቁፍ ዝኽእል፡ ንህልዊ ሕቶታቶም ብዝግባእ ንምትእንጋድን መሰረታዊ ፍታሕ ንምሃብን ብዘኽእሎ ኣገባብ ፖለቲካዊ መደብ-ዕዮ ክቐርጽ ምኽኣሉ፡ ዓይነታዊ ዝገብሮ'ዩ፡፡ ካብ'ዚ ብዘይፍለ ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ኢሳይያስ ብሕታዊ ተሓታቲ ምዃኑ ዝተቐበለ መስራቲ ጉባኤና፡ ቀዳማይ መድረኻዊ ሸቶኡ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ኣንጻላልዩዎም ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ብምቕናዕ፡ ኣባል ውድባቱ ናይ'ዚ መድረኻዊ ዕማም ተገዛእቲ ክኾኑ ብዕግበት ዝተቐበልዎ ናይ ተግባርን ለውጥን ግንባር'ዩ፡፡

ብተወሳኺ፡ እቲ መብዛሕቲኦም መራሕቲ ተቓወምቲ ውድባት ዝተሳተፉዎ ካብ 17-22 ነሓሰ 2011 ዝተኻየደ ሰሚናር ዘመዝገቦ ዓወታት'ውን ናይ ገዛእ-ርእሱ ፍልይ ግምት ዝወሃቦ'ዩ፡፡ እዚ ሰሚናር'ዚ፡ ሓይልታት ተቓውሞ ንመጀመርያ ግዜ ብሓደ ቋንቋ ክዛረቡ ዝበቕዑሉ፡ ሓባራዊ ኣረኣእያታት ዝዓተሩሉ ብኽንድኡ ዝምድናታቶም ሰሪዖም ስሙር ቀላጽሞም፡ ኣንጻር ቀዳማይ ጸላኢኦም ከዕርፉ ዘኽእሎም ታሪኻዊ ሰሚናር'ዩ ነይሩ፡፡ ኣብ'ዚ ሰሚናር'ዚ ዝተጠረየ ሓባራዊ ኣረኣእያታት፡ ፖለቲካዊ ድልውነት እንተተማሊኡሉ ብርግጽ ካብ'ቲ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ዝጸንሑዎ ናይ ሃውሪ ጉዕዞን ናይ ራእይ ድንግርግር ፈዊሱ፡ ናብ ቅኑዕ ማእዝን ብዝሰመረ መስርዕ ክስጉሙ ርሒብ ኣፍደገ ዝኸፈተ'ዩ፡፡

እዞም ክልተ መሰረታዊ ክስተታት፡ ኣብ ድሮ ዝኽሪ ወርቃዊ እዮበልዩ ባሕቲ መስከረም ዝዓተርናዮም ብምዃኖም፡ ኣብ ቅድሜና ንዘሎ ወሳኒ ዕማም፡ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት፡ ዝፈጥረልና ዓቕሚ ከም ዝህሉ ውሁብ'ዩ፡፡ ብርግጽ ከኣ እዚ ብሓባራዊ ኣራእእያ ዝተጠመረ ዓቕምታት ለውጢ፡ ግብራውነት ተወሲኹዎ ብመንገዲ ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝሰፈሐ ሓፋሽ ክጠራንፍ እንተበቒዑ፡ መጻኢና ብሩህ ንምግባር ኣብ ዘኽእለና ድልዱል ባይታ ምህላውና ዘመላኽት'ዩ፡፡

ብታሪኻዊ ኣጋጣሚ ዝኽሪ ወርቃዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ሰውራና ከነብዕል ከለና፡ ኣብ ቅድሜና ልክዕ ከም'ቲ ቅድሚ 50 ዓመታት ብግዳማውያን ዝተወጠነን ንህላወና ዝፈታተነን ሓደጋ ኣብ ዝተኸሰተሉ እዋን ዝነበረ ምርጫ፡ ሎሚ'ውን ክልተ ተጻረርቲ ምርጫታት ጥራሕ'ዮም ዘለውና፡፡ ብመንገዲ ጥፍኣት ቶታሊታርያዊ(ገባቲ) ስርዓት ኢሳይያስ ዝኽሰት ሓደጋን ዝፈሸለት ሃገር ንምርኣይ ኢድናን እግርናን ኣጣሚርና ምጽናሕ፡ ብድሕሪኡ ሰብ ታሪኻዊ ዕዳ ምዃን እቲ ሓደ ምርጫ'ዩ፡፡ ብኣንጻር'ዚ ከኣ ንብዙሕነታዊ ኣካውና ህዝብታትና ዝተቐበለት ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምውሓስ ኲሉ ዓቕምታትና ኣወሃሂድና ጸረ ቀዳማይ ጸላኢና ምቅላስን ድሕነት ህዝብን ሃገርን ምውሓስን'ዩ፡፡ ምርጫ ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር እቲ ቅድሚ 50 ዓመታት ታሪኽ ዝሰነዶ "ብደሆ" ብምባል ዘድመጸ ኤርትራዊ መንፈስ ቃልስን ኣወንታዊ መኸሰባቱን ምዃኑ ዘየጠራጥር'ዩ፡፡ ነዚ ታሪኻዊ ናይ ጽንዓት መኸተን ኣርማን ንምዕዋት፡ ግንባርና ከም ብሕታዊ ምርጭኡ ዝወሰዶ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ሸቶኡ ንምብጻሕ ዘድልይዎ ሓባራዊ ፖለቲካዊ እምነታትን መድረኻዊ ስትራተጂታትን ክውንን በቒዑ'ዩ፡፡ እዞም ግንባርና ዝዓተሮም ጸጋታት፡ ኣብ ረብሓ ህዝብን ሃገርን ንምውዓል ድማ፡ ምስ ኲሎም መሻርኽቲ ደሞክራሲያዊ ለውጢ ዝኾኑ ኣካላት ብማዕረ ጸሚዱ ክዓዪ ቅሩብ ምዃኑ በዚ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዚ ከረጋግጽ ይፈቱ፡፡

ባሕቲ መስከረም ምልክት ጽንዓትን ዓወትን ኢያ!!
ሃገራዊ ጉባኤ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ ንምዕዋት ክንቃለስ ኢና!!
ኲሉ ዓቕምታትና ብቀዳምነት ንድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ይኹተት!!

**ኤርትራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር**
**01 መስከረም 2011**